## እሳት #GAZA# . . . ክቅህም ድዩ ክላባዕ ？ ！

እቲ ዝጠማመት 2 ደንበ ፡ ምዕራብን ምስራቅን ፡ （ ኣመሪካ ፈረንሳ ጀርመን ብሪጣንያ . . . ብመንጸሩ ሩስያ ቻይና ..... ）

ብጉዳይ`ቲ ኣብዚ ዝሓለፈ ቁሩብ መዓልታት ብኢራን ንእስራኤል ዝተገብረ መጥቃዕቲ ፡ ብዓይነቱ እስራኤል ካብ ትምስረት （76 ዓመት） ንመጀመርታ ንእስራኤል ዝወርዳ ዘሎ ዓይነት መጥቃዕቲ ኣብ ርእሲ ምዃኑ ፡ ኣብ ኣፈጻጽምኡን ሸትኡን ግዜኡን ንኣመሪካን ንገለ ዝምልከቶምን ኣፍሊጥካ ዝተገብረ ምዃኑ መጠን ፡ ገለ ሸነኹ ንድፕሎማስያውያን ገለ ሸነኹ ኸኣ ንወተሃደራውያን ሰብ ሞያ ዝግደፍን ኮይኑ ፡ ከምቲ ክንዕዘቦ ዝቀነና ክሳብ እዛ ሰዓት እዚኣ ሰብ ሞያ መጽናዕትን ትንተናን በብሸነኾም በብመነጸሮም ብዝተፈላለየ ትንተናታት ክዕንድርሉ ዝቀነዩ ዘለዉን ተርእዮ`ዩ ።

ደንበ ምዕራብ ብዘለዎ ዓይነት ምክልኻል ኣብ ጎኒ እስራኤል ኮይኑ፡ ነቲ ኣማኢት ተወንጫፊ ከም ዘፍሸሎ እቲ ዘጥቀዔ ኸኣ ኣዚዩ ውሕኡድ ምዃኑ ገለጹ። እስራኤል ከኣ ክሳብ ሎሚ 99% ነቲ መጥቃዕቲ ኣፍሺልናዮ ክትብል ቀኒያ ፡ ሎሚ ኸኣ 84% ዝብል ከምኡ ኸኣ ገለ ዝተወቅዔ ተሃዋሲ ቦታ ከም ዘሎ ካብ ውሽቲ እስራኤል ይነፍስ ኣሎ።

ኢራኣን ከኣ እቲ ብእስራኤልን ብበዓል ኣመሪካን ፈረንሳን ብርጣንያን ካለኦትን ንተወንጨፍትና ዘጋጥም መጥቃዕቲ ኣብ ግምት ብምእታው`የ ፡ ብዝሒ ተወንጫፊ ገይረ ፡ ናይ ምስታኽ ዕድል ምፍጣር ዝመሃዝኩን ፡ ነቲ ዘድልየኒ ዝነበረ ፡ንቆንስልና ኣብ ደማስቆ ዓላማ ገይሩ ዝነበረ ወተሃደራዊ መዕርፎ ነፈርቲ ዘጥቃዕኩ ፡ እቲ መጥቃዕቲ ዘይኣዕናዊ ግና ኣጠንቃቒ ክኸውን ኮነ ኢልካ ዝተገብረ`ዩ ። እስራኤል ካልእ ጌጋ ምስ እትፍጽም ካልእ ዝግበር ከም ዘሎ ዘረድእ መልእኽቲ`ዩ ትብል ።

ሃገራት ብጠቕላላ ብፍላይ ከኣ ሰዓብቲ ዘለወን ዓበይቲ ወይ ሓያላት ሃገራት ካብ ግዜ ናብ ግዜ ናይ ሓባር ልምምድ ተባሂሉ ዝፍለጥ ወተሃደራዊ ስራሒት ክፍጽማ እንክለዋ፡ ንጸላኢ ዘመሓላልፈኦ ዘይግሉጽ መልእኽቲ`ዩ። ኣነ እዚ ኣሎኒ ተጠንቀቀኒ ዝዓይነቱ`ዩ፡ እዚ ኸኣ ካብ ንውግእ ምድላው ንላዕሊ፡ ኣይትቕረበኒ`ዩ ዘስምዕ። “ ውግእ ንኽይመጽኣካ ንውግእ ተዳለው ” ዝዓይነቱ ።

ደንበ ምዕራብ （ ኣመሪካ ፈረንሳ ጀርመን ብሪጣንያ . . . ） ትማሊ ንእስራኤል ክከላኸሉ ክብሉ ፡ ነቲ እስትራተጂካዊ ጸላኢ （ ሩስያ ቻይና . . . ） መጠን ሓይሊ ምክልኻሎም ግልጺ ገይረሙሉ ክንብል ንኽእል`ዶ ？

ዝኾነ ኾይኑ ንዓለምና ሰላም ክንምነ እንኮለና ፡ ሰላን ብምምጥጣን ሓይሊ ጥራሕ ዝመጽእ ምዃኑ እቲ ብፍትሒ ዝኣምን ህዝቢ ዓለም ክኣምንን ክሰርሕን እንኮሎ `ዩ ። “ ከቢርካ ምንባር ወይ ከቢርካ ሞት” ነቲ ሓድሽ ወለዶ ብግብኡ ክትምህሮን ከም ማይ ከተስትዮን ክትክእል እንከለኻ`ዩ ። ኣብ ልቢ ሰብ ዝፍጠር ብረት እቲ ዝሓየን ነቅ ዘይብልን ብቀሊሉ ዘይጥረን` መሳርያ`ዩ ።

ብፍትሒ ዝኣምን ህዝቢ ዓለም ኩሉ ፡ ደጊም “ ኣብ ዘይሰምዖ ደብሪ ክምህለል የብሉን ” ኣህጉራዊ ትካላት`ዶ ፡ ባይቶ ጸትታ ዓለም`ዶ ዝበሃል ጉዳያት ንሓያላት ዘገልግል ዘይብጸሖ ትካላት ምዃኑ ክስቆሮ ይግባእ፡፡ ሰላም ዝፈጥር ምምጥጣን ሓይሊ ሚዛን ጥራሕ`ዩ ። እዚ ኸኣ ብዝተፈላለየ መንገዲ ክረጋገጽ ይኽእል`ዩ ። ጭውነት ኣብ ውሽጢ ነፍሱ ዝተሰረተ ህዝቢ እንተለካ ኸኣ ዋላ ብረት እንተወሓደ ምምጥጣን ሓይሊ ይፈጥር`ዩ። ከምኡ እንተዘይከውን ህዝቢ ኤርትራ ነጻ ኣይምወጸን ፡ ከምኡ ኸኣ ህዝቢ ቬትናም ፡ ህዝቢ ኣፍጋኒስታን . . . . .

AAHafiz 17/4/2024